## ምይይጥ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን

ከይተዘራረብካ ኣይትረዳዳእን። ከይተረዳዳእካ ከኣ ኣይትቀራረብን። ከይተቐራረብካ ከኣ ኣይትትኣማመንን እሞ ብሰላም ክትነብር ኣይከኣልን። እዚ ሎሚ ንሕና ኤረትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ደቂ ሃገር ኣብ መርበብ **ዓይጋ ፎሩም** ጀሚርናዮ ዘሎና ምይይጥ ከኣ ኣብ ምርድዳእን ኣብ ናይ ሓባር ኣረኣእያን ከብጽሓና ከም ዝኽእል ስለዝኣምን **መርበብ ኢንተርነት ዓይጋ ፎሩም** ብዝገበረልና መስተንግዶ ከየመስገንኩዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ኣብዚ መርበብዚ ክጽሕፍ ድሕሪ ምጅማረይ ብዙሓት ጽቡቕ ሃገራዊ ፍቕርን ሕልናን ዘለዎም ንኻልኦት ሓቂ ክምህሩን ከረድኡን ዝኽእሉ ለባማት ኤርትራውያን ኮነ ኢትዮጵያውያን ክቀላቐሉን ክጽሕፉን ምርኣየይ ከኣ ብጣዕሚ ኣሓጉሱኒ።

ብፍላይ ከኣ ሓውና ገዛኢ ሃይለሚካኤል ብዕለት 18 ማርች 07 "Is Shabia a Bad Apple in Eritrea" ትብል ዓንቀጽ ኣገዳሲት ኲይና ረኺበያ። ይኹንምበር ሓውና ገዛኢ ንመልእኽተይን ኣትሓሳስባይን ብግልጺ ዝተረድአ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ኣብ ዓንቀጹ ንጉስ ሃይለስላሰ ቀደም ስለዝሞቱ ንዓኡ ግደፎ ሎሚ ኣይትዘክሮ ናይ ሎሚ ጥራሕ ግበር ክብል ጠቒሱ። ቀጺሉ "You did not give any alternatives for your concerns. It appears to me that you are asking the TPLF to go on serving the Eritreans at a loss. I think the TPLF has done more than necessary to Eritreans. Eritreans were allowed to have a double citizenship. TPLF treated Eritreans not only as a first citizen, but more than a first citizen. Ect." ክብል ተንቲኑ።

ብመጀመርያ ብዛዕባቲ ስም ናይ ንጉስ ሃይለስላሰ ዘልዓልኩዎ እቲ ጽልኢ ምዓስን ብኸመይን ከም ዝጀመረን ዝማዕበለን ንምትንታን እምበር ምስ ንጉስ ሃይለስላሰ ጽልኢ ስለዘሎኒ ኣይኮነን። ብዛዕባቲ ካብ ኢሃደግ ወይ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ዝደልዮን ዝጽበዮን ዘሎኹ ከኣ ሕብእብእ ዘይብሉ "**ስርዓት እሰያስ ንዓና ንደቂ ሃገሩ ኮነ ንዓኻትኩም ጐረባብቱ ሰላምን ቅሳነትን ከሊኡ እዚ ክልተ ኣሕዋት ዝኾኑ ህዝቢ ክዋጋእን ሰላም ስኢኑ ብዘይቅሳነት ክነብር ከይደቀሰ ዝሓድር ኣንጻር ፍቕርን ሕውነትን ኣንጻር ሰላምን ቅሳነትን እቲ ዞባ ዝኾነ ፍጥረት ብምዃኑ ትሓጋገዝና ንዓኡ ብምእላይ ንሃገራትናን ህዝብታትናን ሰላም ንፍጠር**" ኢየ ዝበልኩ። ነዚ ከኣ ኣነ ጥራሕ ዘይኮነ ብዙሓት ደቂ ዓደይ ዝብሉዎን ዝጽሕፉዎን ዘለዉ ኢዩ።

ገለ ገለ ርእይቶ ወሃብቲ ኢሳያስ ባዕልኹም ዘዕበኹሞን ዘጸለልኩሞን መራሒኹም ስለዝኾነ ሽግርኩም ባዕልኹም ፍትሑዎ ዝብሉ ከም ዘለዉ እፈልጥ ኢየ። እቲ ንሕና ንብሎ ዘሎና ግን
እወ ሓቅኹም ብቐዳምነት እቲ ሽግር ሽግርና ኢዩ። ከነልግሶን ከነጥፍኦን ዝግበኣና ከኣ ንሕና ኢና። ኢሳያስ ግን ሽግርና ጥራሕ ዘይኮነ ሽግር ዂላትና ኢዩሞ ንሕና ዓቕሚ ስለዝሓጸረና ሓግዙና ኢና ንብል ዘሎና። ብዛዕባቲ ወያኔ ንኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያውያን ንላዕሊ ኣኽቢሩዎምን ተኸናኺኑዎምን ዝብል ኣገላልጻ ግን ብዙሓት ኤርትራውያን ዘይኣምኑዎን ዘይቅበሉዎን ጉዳይ ኢዩ። መብዛሕትኦም ኤርትራውያን ወያኔ እቲ ዝጸንሖ ፍቕሩን ምርድዳኡን ዕርክነቱን ምስ ሻዕብያ እምበር ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይጸንሖ ኢዮም ዝኣምኑ። እስከ ብዛዕባ ኣበሃህላን ርእይቶን ኤርትራውያን ብዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ [www.meskerem.net](http://www.meskerem.net) "what Ethiopians needs to understand and act Upon" ዝብል ናይ ሓደ ጸገዝኣብ ዝብሃል ምሁርየ ዝብል ኣንብቡ።

ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ ከኣ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መርበብ ብዕለት 16/3/07 **መድረኽ** ብዝብል ኣርእስቲ ተሰፋሒደት ባህልቢ ብዝተባህለ ብሓደ ከምኡ ምሁር " **<u>ኢትዮጵያ ከም ናይ ኵሉ እዋን ሕልማ ዋንነት ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ኤርትራ ምሕዳግ ዝብል ውጥን ከም ዘለዋ ዘይኣምኑ ሓያሎይ ኣለዉ። ብዝሖም ብዘየገድስ ፋሉልነት ናይ ኢትዮጵያ ዘይርኣዮም ኣለዉናን ኣለዋናን</u>**"። ብማለት ኣስፊሩ ይርከብ። እዞም ጽሓፍቲ እዚኦም ደገፍትን ኣባላትን ስርዓት ኢሳያስ ዘይኮኑስ ካብቶም ንስርዓት ኢሳያስ ዘይሕጋውነትን ኣብ ልዕሊ ሃገሩን ህዝቡን ጐረባብቱን ዝፍጽሞ ዘሎ ተሮሪስታዊ ስርሓት ዘይድግፉ ተቓወምቱ ዝሕሰቡ እዮም። እሞ እቶም ምሁራትን ንህዝቢ ክእርሙን ከድሕኑን ዝግብኦም ሰባት ምስ ጐረባብቶም ብዝያዳ ዘባእስን ካብኣቶም ዝንጽልን ኣብ ከምዚ ቃልዕ ዘይሓላፍነታዊ ጐስጓስ ካብ ተላዕሉስ እቲ ትምህርትን ንቕሓትን ዝሓጽሮ ተራ ህዝቢ ኤርትራ ወያኔ እዚ ገበሩኻ እዚ ደገሙኻ እናበሉዎ ከም ህዝቢ መጠን ክሕመን ክውቀስን ዝግባእ ኣይመስለንን።

ኣነ ኮነ ካልኦት ከማይ ዝኣመሰሉ ንህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ንህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ብሕውነታዊን ብፍቕርን ንጥምቶን ከም ኣሕዋትን ጐረባብትን ምስኡ ብሰላም ክንነብር ንደልን ሰባት ንሓቶ ዘሎና ከኣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ግሉጽ መልእኽቲ ኢዩ። ንሱ ከኣ ንረብሓ ኵልና ንተሓጋገዝ ጥራሕ ኢዩ። ሓውና ገዛኢ ኣብ ጽሑፉ "**<u>ንወዲ ሰብ ኣብ ዓለም ብማዕረ ዓይኒ ክትርእዮ ኣሎካ</u>**" ዝብል የዋህ ርእይቶ እውን ኣቕሪቡ። ብወገነይ ግን ንሓዉን ንስድራ ቤቱን ምስ ካልኦት ጓኖት ብማዕረ ዝርእን ዝከናኸንን ሰብ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ዓለም ኣየጋጠመንን። ዝኾነ ዓሌት ብሕጊ ንዘየስግኦ ኵነታት ንሓዉ ኮነ ንቤተሰቡ ብቐዳምነት ዘይርእን ዘይሕግዝን ዘይከናኸንን ፍጡር ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ ኮነ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ እስያ ኮነ ኣሜሪካ ኣየጋጠመንን።

ኣብ ሕክምና ኮነ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ኮነ ፖለቲካ ንወገንካን ዓሌትካን ብዝያዳ ከይተዳሉ ዝኽልክለካ ከኣ ሕጊ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ማለት ግን ኣብ ኣሜሪካ ዝነብር ያሁድ ወይ ኣይርሽ ንወገኑን ዓሌቱን ምስቶም ካልኦት ኣሜሪካውያን ብሕጊ ንዘይክልክሎ ጒዳይ ብሓደ ዓይኒ ክርእዮም ኣየጋጠመንን። ሰብ ከኣ ብገዝኡዩ ዝጅምር። መጀመርያ ንስድራ ቤቱ ይፈልጥን ይሕግዝን ይከናኸንን። ቀጺሉ ኣብ ኣዝማዱ፡ ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣብ ደቂ ዓዱ ድሕሪኡውን ኣብ ደቂ ሃገሩ ይሳገር። እዚ ከኣ ባህራያዊ ኢዩ። ኣይኰነንዶ ሰብሲ ኣምላኽ እውን ንደቂ እስራኤል ዝያዳ ካልኦት የፍቅሮምን ይከላኸለሎምን ከም ዝነበረ እውን ምጽሓፍ ቅዱስ ይምህረና ኢዩ። ኣነውን ካብዚ ተበጊሰየ ብቐዳምነት ዝቐርቡኒ እቶም ብቛንቛይን ብባህለይን ዝቐርቡንን ዝቐርቦምን ትግራዎት እምበር እቶም ብዜግነቶም ዝቐርቡኒ ኤርትራውያን ራሻይዳ ኣይኰኑን ዝበልኩ።

ኣበሃላይ ከኣ ኣብ ባህርያውን ሓቅን ዝተመስረተምበር ንተጋሩ ኣብ ስልጣን ስለዘለዉ ንምምስሳልን ንምቅብጣርን ኣይኰነን። **ኣቶ ገዛኢ "የኢትዮጵያ መሪዎች ትግሬዎች ብመሆናቸው እንጂ ብስራቸውም ሆነ በቆራጥነታቸው የሚደነቁና እንከን የሌላቸው ናቸው"** ክበሃልሲ ኣይሰምዑንዶ ይኾኑ? እቲ ናይ ኣቶ ገዛኢ ኣምነት ኣብ ኵልና እንተዝህሉ ከኣ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ኮነ ኤርትራ ውግእን ጽልእን ኣይምሃለወን። እቲ ኵሉ ኣብ ኢትዮጵያ ኣጋጢሙ ዘሎ ጽልእታትከ ብዓሌትን ብወገንን ብቕርሕንትን ኣይኰነን ድዩ? ግደ ሓቂ ክንዛረብ እንተኾይኑኸ ወያኔ ኣብ ኢትዮጵያ ናጽነትን ፍትሕን ሒዞም ድሕሪ ምእታውን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ

ናይ መንግስቱ ሃይለማርያም ግፍዕታትን ቅንጸላን ጭቆናን ናጻ ምስ ኣውጽኡዎ ዘጋጠሞም ጸገማት እንታይ ድዩ? ንምግናንን ንምጥቓስን ዘይኮነ ክሳብ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ብግልጺ ዝስማዕን ዝርኤን ዘሎ ናይ ዓሌትን ወገንን ቃልሲ'ኸ ሕቡእ ድዩ? ኣነ እገለ ካብ እገለ ይቐርበንን እቐርቦን ክብል ከሉ'ኹ ከኣ ነቲ ባህርያውን ሓቅን ዝ'ኾነ ዂነታት ንምግላጽ እምበር ኣብ ልዕሊ ዝ'ኾነ ይ'ኹን ዓሌት ጽልኢ ስለዝነበረኒ ኣይኮነን።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ እቶም ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘለዉ ትግራዎት ግን ብርእይቶይ ሎሚ ከምቲ ቀደም ዝነበሩዎ ዘይኰኑስ ኣብ ተወላዋሊ መርገጽ ዘለዉ ኰይኑ ይስምዓኒ። ንሱ ከኣ እቲ
ዂነታት እናተቐየረ ይመጽእ ስለዘሎ ሎሚ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ደገፍን ድምጽን ንምርካብ ነቲ ኣብ መሰል ርእሲ ውሳኔን ናጽነትን ኤርትራ ዝጸንሖም መርገጽ ኣብ ኣየናይ የ'ክስበና? ኣየናይከ የ'ክስረና? ዝኣተዉ ይመስለኒ። ከም ዝፍለጥ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ንመሰልን ርእሰውሳኔን ህዝቢ ትግራይ እምበር ንኢትዮጵያ ኢሉ ኣይተበገሰን። እቲ ዘይተጸበዮን ዘይሓሰቦን ንኢትዮጵያ ናይ ምቍጽጻርን ምምራሕን ዝዓበየ ዕድል ምስጋጠሞ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ መርገጹን እምነቱን ቀይሩ ኣሎ ዝብሉ ኤርትራውያን ከኣ ውሑዳት ኣይኰኑን። እዚኦም ከኣ ብዘይካቶም ሎሚ ሓይልናን ዕድል ረኺብናን ከሎና ንኤርትራ ንጐበጣን ንቆጻጸራን ኢሎም ብዕሊ ዝኣወጁን በዚ ኣረኣእያ እዚ ካብ መሪሕነት ወያኔ ዝተፈንጨሉን ትግራዎት ማለተይ ኢዩ።

ነዚ ብዝያዳ ጭብጥን ኣሰካፍን ዝገብሮ ከኣ እቲ ፕራይ ሚኒስተር ኣቶ መለስ ዜናዊ ሎሚ ቅነ ትሓቲቱ ኣብ ቃለ መጠይቑ ዘረጋገጾ ክግለጽ ኣከኣል።

Q. In otherwards your Electoral defeat in the Capital was also a product of the
outcome of the 1998-2000 border war?

A. It is not outcome of the war per se So much the outcome of the Indipendence of Eritrea. As you know our movement had fully accepted the Indipendence of Eritrea and welcomed it of peaceful way of resolving this 30 years war we had. We had tried to establish good relations with Eritrea and after the border war some in the urban areas wanted us to reverse the Indipendence of Eritrea. We did't want to go that far and when we came out with the five point plan which would have legalized the boundries of Ethiopia and Eritrea and would have normalized relations between these two Indipendent states some of these people felt betrayed twice and they vented their anger.

እሞ እዚ ዂነታት'ዚ ዶ'ኾን ገለ ናይ ኣትሓሳስባን መርገጻትን ለውጢ ከምጽኣሉ ክኢሉ ዝብል ጠርጠራታት ከኣ ኣብ ብዙሓት ኤርትራውያን ክዕለልን ክዝረብን ክጽሓፍን ይስማዕ ኣሎ። እዚ ግን ንዓና ነቶም ናይ ሓባር ጠ'ቕምን ሰላምን ንሓስብ ኤርትራውያን ምንም ክ'ቕይረናን ከፍርሓናን ኣይክእልን ኢዩ። ም'ኽንያቱ ከኣ ብስራሕን ብተግባርን እምበር ብፍርሕን ብጠርጠራን ዝግበር ወይ ዝልወጥ ከም

**ዘየልቦ ስለንኣምን። እቲ ብዝያዳ ዘሰክፈናን ዘፍርሓናን ግን እቲ ስርዓት <u>ኢሂኣደግ</u> ከምቲ ዝጀመሮ ነቲ ክኣምነሉን ክሰርሓሉን ዝጸንሐ ጕዳይ ኤርትራ ብግልጺ ዓው ኢሉ ክዛረበሉን ክሰርሓሉን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ፍቕርን እምነትን ከጥሪ ንርእዮ ስለዘየሎናን ጥራሕ ኢዩ። እቲ ስግኣትና ከኣ እዚ መሪሕነት እዚ እይምሳና ኣይ ምስቶም ጸላእትናን ጸላእቱን ኣብ ሓዲግ ተንጠልጢሉ ብኽልቲኡ ወገናት ተጸሊኡን ተነጺሉን ንኸይተርፍ እሞ ኵላትና ከይንኸስርን ከይንጕዳእን ጥራሕ ኢዩ።**

ፍትሒ መሓሪ
21/3/07